ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

سفارة دولة اريتريا
الولايات المتحدة الأمريكية

**EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA TO THE UNITED STATES OF AMERICA**

# መዘኻኸሪ ንኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ
# ብዛዕባ ኩነታት ኮቪድ-19 ኣብ እዋን በዓላት
# (ቁ-5)

ለበዳ ኮቪድ-19 ካብ ዝኽሰት ዛጊት ዓመቱ ክመልእ ኣብ ዝገማገመሉ ዘሎ ግዜ፡ ብዓለም ደረጃ ልዕሊ 60 ሚልዮን ሰባት ተለኺፎም፡ ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ድማ ሞይቶም ኣለዉ። ሕ/መ/ኣመሪካ ንባዕላ ዝተለኽፉ ኣስታት 13 ሚልዮን ክኾኑ ከለዉ፡ ልዕሊ 264 ሽሕ ድማ ሂወቶም ስኢኖም ኣለዉ። ካብ'ቲ ብዓለም ደረጃ ወሪዱ ዘሎ ማህሰይቲ ኣመሪካ ጥራይ በዚ ቫይረስ ካብ ዝተለኽፉ 22%፡ ዝሞቱ ድማ 19% ዘጠቓልል ምዃኑ ዘሕዝንን ኣዝዩ ዘሰክፍን ኩነታት ከምዝኾነ ንምርድኡ ኣየጸግምን። እቲ ኩነታት ድማ ኣብ ክንዲ ዝመሓየሸ፡ ምስ ምቅይያር ኩነታት ኣየር ኣብ ዝኸፍአ ደረጃኡ በጺሑስ ኣመሪካ ሓዊስካ ብዙሓት ሃገራት ብካልኣይ ማዕበል ተወቒዐን ዳግም ናብ ምርጋጥ ገጸን ይምለሳ ምህላወን ምልክት ናይ'ቲ ገና ዘይተወገደ ሓደጋ ኢዩ። ክታበት ተሰፋ ተረኺብዎ'ኳ እንተሎ፡ ጸዲቑ ኣብ ግብሪ ክሳብ ዝውዕል ገና ከቢድ ማህሰይቲ ክስዕብ ምዃኑ ክእመት ይከኣል።

ስለዚ ድማ፡ ምስ ምእታው ቅንያት በዓላት ብፍላይ ድማ እቲ ኣብ ኣመሪካ ብመዓልቲ ምስጋና (Thanksgiving Day) ስድራቤታት መቐርብን ዝተኣኻኸብሉ በዓል ንኣቱ ብምህላውና ነቲ ኩነታት ከጋድዶ ከምዝኽእል ዝምልከቶም ሰብ ሞያን ሰበ-ስልጣንን ብጻዕቂ ካብ ዘጎሳጉስሉ ዘለዉ ጉዳይ ምዃኑ ኩላትና ንዕዘቦ ኣሎና። ስለዚ፡ ብምኽንያት እዚ በዓል፡ ነብሲ ወከፍ ስድራ ነዛ ተጠውያ ድሕሪ ሓደ ዓመት ትመጽእ በዓል ሰኣን ጽምም ኢልካ ምሕላፍ፡ ዘየድሊ ምትእኽኻብ ክፈጥሮ ኣብ ዝኽእል ሓደጋ ምእታው ብሓቂ ዝግባእ ከምዘይኮነ ብምስትውዓል፡ ካብ መገሻን ዘየድሊ ምንቅስቓሳትን ተቖጢቡ ሰብ ኣብ በቤቱ ብሰላም ኩብዕልን ኩሉ ዘድሊ ጥንቃቐታት ከዘውትርን ኣጥቢቕና ንምሕጸን።

እዚ ለበዳ ተሳዒሩ መፍትሒ ክሳብ ዝርከብ ነብሲ ወከፍ ሰብ ድሕነቱ፡ ድሕነት ስድራ ቤቱን ካልኦት ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሰባትን ምሕላውን ምድግጋፍን ዘድልየሉ ወሳኒ ግዜ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ሓላፍነት ዝስመዖ ሰብ ብምስትውዓል ብሓላፍነትን ክዋሳእ ከምዝኽእል ልዑል እምነትና ንገልጽ።

ድሕነት ልዕሊ ኩሉ !

**ዓወት ንሓፋሽ !!**
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሕ/መ/ኣመሪካ
24 ሕዳር 2020

1708 New Hampshire Av. NW, Washington DC 20009 Tel: 202 319 1991 <embassyeritrea@embassyeritrea.org> www.embassyeritrea.org